# ራእይ ዮሃንስ

| ራእይ 2፡18-29 | |
|---|---|
| ትምህርቲ፡ | ሳርዴስ -ትእምርቲ ባምቡላ ማሕበር |
| ኣተኵሮ፡ | ራእይ 3፤1-7 |
| ዝጽናዕ ጥቕሲ፡ | "… ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣሎኻ፡ ግናኸ ምዉት ኢኻ። ንግብርኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ምሉእ ኰይኑ ኣይረኸብኩዎን።" (ራእ 3፡1-2) |

ሳርዴስ ናይ ብግድማ ክትርእዮ ከሎኻ ዝብሃግ ግናኸ ቀሪብካ ብሚዛን የሱስ ክርስቶስ ምስ ተዓዘብካዮ ህይወት ዘይብሉ ኣበረኛ ኰይኑ እትረኽቦ ትእምርቲ እዩ - ከም ናይ ፕላስቲክ ዕምባባ። ሳርዴሳዊ ክርስትና ኣብ ቅድሚ የሱስ ክርስቶስ ኣበረኛን ዅኑንን እዩ።

## 1. ከተማ ሳርዴስ

ሳርዴስ ሓንቲ ካብተን ኣብ ራእይ ዮሃንስ ትጠቐሰን ዘለዋ ሾብዓተ ናይ ትእምርቲ ከተማታትን ማሕበራትን እያ። ብዝና፡ ብሃብቲ ወርቃን ብዘይድፈር ዚመስል ስትራታጂካዊ ዝኾነ ኣቀማምጣ ቦታኣን፡ ብክልቲኡ፡ ብሕሉፍ ታሪኻ እትንየት ከተማ እያ ነይራ። ግናኸ ብ 546 ቅ.ል.ክ. ብፐርስያዊ ንጉስ ቂሮስ፡ ብ 214 ቅ.ል.ክ. ድማ ብግሪኻዊ ኣንቲዮኮስ ብቐሊል ተማሪኻን ተዘሚታን። ዝንኣ ዘጥፍኣትን ዝቔንጸበትን ክነሳ ግና ከንቱ ዝኾነ ናይ *ከምዚ ነበርኩ* ኢልካ ምንያት ኣይሓደገትን። ነታ ማሕበር ድማ በቲ ናይ ሳርዴስ ታሪኻ ምሳሌ ገይሩ፡ መንፈሳዊ ሓቂ ክትልብመሉ፡ ማለት፡ ብኸንቱ በርጠዋ ከይትብል፡ ይምህራ።

## 2. ማሕበር ሳርዴስ - ማሕበር ባምቡላ

ወንጌል ንመጀመርታ ጊዜ ናብ ሳርዴስ ዝኣተወ፡ ማሕበር ሳርዴስ ድማ እትመስረተሉ በቲ ጊዜ ናይ ካልኣይ ሚስዮናዊ ወፍሪ፡ ብ49-51 ድ.ል.ክ.፡ ብጳውሎስን ብጽቱን እዩ (ግብ 15፡40-41 16፡17 18፡1-22)። ስለዚ ዮሃንስ ራእይ ዮሃንስ ክጽሕፍ ከሎ፡ ወንጌል ካብ ኣርብዓ ዓመታት ዝበዝሕ ኣብ ሳርዴስ ሰሲኑ ነይሩ ማለት እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ሒደት ዓመታት እቲ ግና ከምቲ መርዓዊ ዘይሓዛስ ዓርኪ ይሕዛ ዝተባህለ፡ ከም ዕምባባ ፕላስቲክ ኰይኑ፡ ቁምነገር ናይ ብሓቂ ክርስትያን ምኳኑ ኣጥፊኡ፡ ብታሪኹ ዝንየት ማሕበር ከም ዝኾነ ተሓቢሩልና ኣሎ። እቲ "ትስመ ኣሎኻ፡ ግናኸ ምዉት ኢኻ" ኢሉ ዝዝልፎም ቅርብ ኢልና ነቕልበሉ።

እዚ ትእምርቲ ብማሕበር ሳርዴስ ተሓቢሩ ዘሎ ምስቲ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ከነረኣእዮ ከሎና ምስቲ 1517-1750 ድ.ል.ክ. ግዜኑ ዝነበረ ባህርያት ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ዝቋረን እዩ። *ዘበን ባምቡላ ክርስትና* ንበሎ። ይስተር!!! እቲ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮን ታሪኽን ዝምሃር ለባም እዩ።

## 3. መንነት የሱስ ንማሕበር ሳርዴስ

ንሳርዴስ ከም ትእምርቲ "ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽን ሾብዓተ ከዋኽብትን ዘለዉዎ" ኰይኑ ይግለጸሎም (3፡1)።

ኣብ ትእምርታዊ ኣዘራርባ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ *ሾብዓተ* ምልክት ናይ ምልኣት፡ ናይ ፍጻሜ እዩ። እሞ፡ የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ሳርዴስ መን እዩ? ንሱ፡ በቲ ሾብዓተ መናፍስቲ ተሓቢሩ ከም ዘሎ፡ ቀዳማይ፡ ብመንነቱ ምልኣት መለኮት ዘለዎ እዩ። ካልኣይ ድማ ኩሉ ምስጢር ናይ ህልውና ቤተ-ክርስትያን ትሕቲ ምቍጽጻሩ ዝኾነ እዩ። ከዋኽብቲ። ትእምርቲ ናይ ኩለን ማሕበራት ናይ ኩሉ ዘበናት፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት እዩ።

ማሕበር ሳርዴስ ግና ነቲ መለኮታዊ መንነቱን ቦታኡ ኣብቲ ማሕበር ኣመንትን ዝዘንግዕዎ ኰይኖም ተረኺቦም። ነዚ

ብምዝንጋዕ ድማ ከም ማሕበር "ባምቡላ" ኲይኖም።

## 4. መልእኽቲ ንማሕበር ሳርዴስ

### 4.1. መልእኽቲ ካብ መን?

እቲ መልእኽቲ እንታይ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብ መን ምዃኑ ድማ ይሰቈርኩም ዝበሎም ነተኸረሉ። ብመ ንነቱ መለኮት ብምልኣት እዩ፡ ተራ ሰብ ኣይኮነን። ርክቡ ምስ ቤተ-ክርስትያን ድማ፡ በቲ ትእምርቲ ናይ "ሸብዓተ ከዋኽብቲ ዘለዎ" ተሓቢሩ ከም ዘሎ፡ ኩሉ ናይ ቤተ-ክርስትያን ጉዳይ ወሳኒኡ ንሱ እዩ። እምበኣር ነዚ ክልቲኡ ስለ ዝዘንግዕዎ እዮም ማሕበር ሳርዴስ ኣብ ኣደዳ "ባምቡላ" ምዃን ዝወደቑ።

### 4.2. እንታይ እዩ እቲ መልእኽቲ ንሳርዴስ?

ሀ. እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም (3፡1)።

ክንዮ እቲ ካብ ዘድንቑኻ ትረኽቦ ናእዳ ኰነ፡ ወይ ናእዳ ርእስኻ ("ህያው ተባሂልካ ትስመ ኢኻ")፡ ኣነ ብዛዕባኻ ዝፈልጥ ኣሎኒ እናበለ ዘጋልጾም በብሓደ ንመልከቶ።

ሓደ ክርስትያን፡ ክልብምን፡ ብእኡ ድማ ክፍወስሲ፡ መን ምዃኑ ድማ ምእንቲ ከለሊ፡ ሰማዒ ገዛእ ርእሱን ዝንእዱዎን ጥራይ ዘይኮነስ ሰማዒ የሱስ ክርስቶስ ድማ ክኸውን ኣለዎ።

ለ. ንሱ ብዛዕባስ ሳርዴስ ዝፈልጦ።

ለ.1. "ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣሎኻ፡ ግናኸ ምዉት ኢኻ" (3፡1) ምእመን ሳርዴስ፡ ግዳማዊ መልክዕ ናይ ክርስትያን ብዘይ ልብን ህይወትን ናይ ክርስትያን ዝበዝሕዎ እዩ ነይሩ። ነዚ የሱስ ክርስቶስ፡ ሬሳ ክርስትና ይብሎ።

ለ.2. ዘይምሉእ። ካልኣይ ዝረኸ በሎም እንታ ብዛዕባ ጉድለት ተግባራቶም እዩ። "ንግብርኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ምሉእ ኰይኑ ኣይረኸብኩዎን" ዝብሎም ንመልከቶ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍርዲ ናይ ጠሓሲ ምዃን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ጕደሎ ምዃን ድማ ኣሎ። እሞ፡ ሳርዴሳዊ ጌጋ ምእንቲ ኸይደግሞስ ክርስትያናት ህይወቶም ብመስፈር ኣምላኽ ዝምርምሩ ክኾኑ ኣለዎም። (ዘፍ 17፡1-2 ማቴ 25፡1-13)።

ሐ. ሸዱሽተ መኣረምታታት ንሳርዴስ።

ሐ.1. ንቑሕ ኩን (3፡2)።

ብቓል ኣምላኽ ተማዒድኩም ኣብ ኣየናይ መንፈሳዊ ኵነታት ከም ዘሎኹም መለለዪቲ ኩኑ ይብሎም። ክሳዕ ማዕጾ ዝዕጸወኩም ከም እተን ዓያሱ ደናግል ኣይትኹኑ ኢሉ ብሳርዴስ ንክርስትያናት የለብም ኣሎ።

ሐ.2. ተበጻዊ ኩን (3፡2)

መንፈሳዊ ኵነታትካ ምስ ኣለለኻ፡ ምስ ተነሳሕካሉን፡ ብናይ ብጾትካ ተመሳሳሊ መንፈሳዊ ኵነታት ድማ <u>ብልቢ ዝግደስ ሰብ ኩን</u>። ፋዕራ ዘይብሉ ክርስትያን ኣይትኹን። "ንቶም ኪሞቱ ኢሎም ዘለዉ ካልኦት'ውን ኣበርትዓዮም" ዚብል ምሕጽንታ ነቕልበሉ።

ሐ.3. ተኣራሚ ኩን (3፡3)።

ብናይ ካልኦትን ናይ ገዛእ ርእስኻን ተመክሮታት <u>ብምዝካር ተኣረም</u>። እዚታት ናብ ምንሳሕ ዝመርሓካ ይኹን (ሉቃስ 15፡17-20)።

ሐ.4. ሓላዊ ኩን (3፡3)።

ነቲ ንቑሕ፡ ተበጻዊ፡ ተኣራሚ ኴንካ <u>ዝጀመርካዮ ሓልዎ</u>። ማለት ብእኡ ገስግስ፡ ኰስኰሶ። እትገብሮ ምምሕያሽ ጊዝያዊ ኰይኑ ኣይትረፍ።

ሐ.5. ተነሳሕ (3፡3)

ምንሳሕ፡ እተላግበሉ ምስምስ ከይደለኻ፡ ናተይ ጌጋ፣ ናተይ ውድቀት ኣበይ እዩ ኢልካ ምልላዩ ምእማኑ፡ ምንዛዙ፡ ናይ ምዕራዩ ስጕምትታት ምውሳድ እዩ።

ምንሳሕ በናፍጭ ኣይኮነን። ነቒሕካ ዘይምንሳሕ ግና ዘይተርፍ መሪር ሳዕቤናት ኣለዎ። ንማሕበር ሳርዴስ ከምዚ ኢሉ የጠንቅቖም፡ "እንተ ዘይነቓሕካ ግና፡ ከም

ሰራቒ ኽመጽካ እየ፡ በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጸካውን ኣይክትፈልጥን ኢኻ።” እዚ ማለት፡ ነቲ እምቢተኛ ክርስትያን፡ ብሃንደበት፡ መኻልፍቲ ብመቐዘፍቲ ኣምላኽ ከም ዝወርድ ነስተዋድዮ።

ሐ.6. ኣብ ሳርዴስ ንየሱስ ክርስቶስ መዲቦም መሪጾም ዝስዓቡ ነይሮም። ብዛዕባኦም ዝብለና ሓሙሽተ ነጥብታት ንመልከት 93፡4)።

1ይ. እዚኣቶም ብቝጽሪ ሒደት እዮም ነይሮም። ባምቡላ ክርስትያናት ድማ ኣይነበሩን። ኣምላኽ ዝሕጕሰሎም “ብቑዓት” ኢሉ ዚምስክረሎም እዮም። ምስቲ ዝበዝሕ ክርስትያን እየ ብሃሊ ግጉይ ምእመን ስለ ዘይነበሩ፡ ነዚኣቶም ናይ ብሓቂ ክርስትያን ምዃን ቀሊል ከም ዘይነበረ ክንግምት ንኽእል።

2ይ. “ክዳውንቶም ዘይጸየቑ ብቑዓት” እናበለ ብምስላ ብምንኣድ ይዛረበሎም። ክዳን ኣብቲ ሕብረተ-ሰብካ ተቐባልነት ዘውህበካ ልብሲ እዩ። እዞም ክርስትያናት ሳርዴስ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝነበረ ናይ ኣረሚን ባህሊ ክመስሉ እሞ ተቐባልነት ክረኽቡ ፈተናታት ነይርዎም። ነዚ ድማ እዩ ብምጽያቕ ክዳን መሲልዎ ዘሎ። ኣብ ኣምልኮ ጣኦታት፡ ኣብ ኣምልኮ ቄሳር፡ ኣብ ነውራም ጓይላታትን ስኽራንን ክሳተፉ ይፍተኑ ነይሮም። ኣብዚታት ምስታፍ ብክርስትያናዊ መትከል ዝኣበዩ፡ መንነቶም ብማእከላይ መርገጽ ዘይቀጠኑ ሒደት ነይሮም። የሱስ ክርስቶስ ድማ በቲ ዝወሰድዎ ስጕምቲ ባህ ኢሉዎ፡ “ክዳውንቶም ዘይጸየቑ፡ ብቑዓት፡” እናበለ ይንእዶም።

3ይ. “ኣብ ሳርዴስ” ምባሉ ድማ ዝነበርዎ ኣከባቢ ክንግንዘቦ ይሕብረልና። ኣብኡ ብጠባዮምን ብኣተሓሳስብኦምን ክርስት ያናት ምዃኖም ዘነጸሩ ኣመንቲ ምንባሮም ንመልከቶ። ነቲ ሓቀኛ ክርስትያን፡ ዓወት ንሓፋሽ ወትሩ ናይ ግድን መምርሒ ኣይኰነን። እቲ ክርስትያን፡ ነዚ ይብድሆ እዩ።

4ይ. እሙናት ክርስቶስ ምዃኖም ጻማ ከም ዘለዎ ብክልተ ሓበሬታታት ከበስሮም ከሎ ንርኢ። “ጻዕዳ ክዳውንቲ ተኸዲኖም ምሳይ ኪመላለሱ እዮም” ይብል ኣብ 3፡4ሐ። ጻዕዳ ክዳውንቲ ምልክት ናይ ንጹሃት ምዃኖም፡ ብመገዲ ቅድስናን ኣጋፐን ከም እተመላለሱ ኪምስክረሎም እዩ። ምስናይ’ዚ “ምሳይ ኪመላለሱ እዮም” ኢሉ የተስፍዎም። እዚ ክዛወሩ እዮም ማለት ኣይኰነን፡ ኣብ ኩሉ ናይ የሱስ ክርስቶስ ዘበለ ኣብቲ ዳግማይ ምጽኣቱ ድማ ክሳተፉ እዮም፡ ከምተን ለባማት ሓሙሽተ ደናግል ማለት እዩ።

5. ብድሆ ንሳርዴሳውያን (3፡5-6)።

የሱስ ክርስቶስ፡ ንማሕበር ሳርዴስ ሓሙሽተ ብድሆታት የቕርበሎም።

5.1. ሰዓርቲ ክኾኑ ይብድሆም። ክርስት ያናዊ ህይወት ክትቃለስን ክትዕ ወትን ግድን ይሓትት። መንፈሳዊ ቃልስን ዓወትን ናይ ግድን እዩ።

5.2. ናይ ዓወቶም ምልክት የሱስ ክርስቶስ ዝህቦም ጻዕዳ ክዳውንቲ ኪኸደኑ እዮም። ጻዕዳ፡ ምልክት ናይ ቅድስናን ኣጋፐን እዩ። ቅዱሳትን ፍቕሪ ክርስቶስ ዝመልኦምን ምዃኖም የሱስ ክርስቶስ ክእመኖ እዩ።

5.3. ስሞም ካብ መጽሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቆን እዩ። ኣባላት መንግስቱን በረኸታቱን ምዃኑ ክረጋገጸሎም እዩ።

5.4. ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቦን ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ድማ እከላ ናይ ብሓቂ ክርስትያን እዩ ኢሉ ክእመነሉ እዩ።

5.5. እዚ ብድሆ እዚ መንፈስ ቅዱስ ንኹሎም ማሕበራት ዘቕርበሎም ዘሎ እዩ። ብድሆ ሰብ ዘይኰነስ ብድሆ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ እዩ።

ኣመንቲ ባምቡላ ክርስትያናትን ማሕበራትን፡ ቅዱሳን ጥራይ ልሳን ከይኾኑ ማሕበር ሳርዴ ንመለበሚ እዩ።

ይቕጽል ...................